# ብዛዕባ ናይ ሽወደን ዓሰርተ ናይ መፅናዕቲ ማሕበራት

———————————————————————————————————————————

ኣብ ሽወደን ዓሰርተ ናይ መፅናዕቲ ማሕበራት ኣለዉ። ዘይመንግስታዊ ትካላት ኮይኖም (NGOs) ብሃገር ደረጃ ልዕሊ 370 ኣባላትን ዝተሓቑፉ ትካላትን ኣለውዎ። ንሳቶም ናይ ሽወደን ዝዓበዩ ናይ ትምህርትን ባህልን ቦታታት እዮም። ኣብ ኩሉ ናይ ዕድመ ብርኪ ዘለዉ ህዝብታት ናብዚ ቦታ ብሓደ ንምዕባይ ይመፅኡ።

———————————————————————————————————————————

እቶም ዓሰርተ ናይ መፅናዕቲ ማሕበራት ዝተፈላለዩ መልክዓትን ኣተሓሳስባታትን ኣለውዎም። ምስ ህዝባዊ ምንቅስቓሳትን ትካላትን ዝፀነዐ ምትእስሳር ዘለዎም ኮይኖም ተሓባቢሮም ዓውድታት መፅናዕትን ክንዋነታት ባህልን የመዓራርዩ።

ናይቶም ማሕበራት መፅናዕትታት ስራሕተኛታት ኣብ ሓሳባት ትምህርቲ እኹላት ዘማእኸሉ እዮም፡- ሰብኣዊ ይብሉኒ ምባል/ክብሪ፣ ፈጠራን ናይ ምምሃር ድሌትን። ኣብ ሓደ ዓውዲ መፅናዕቲ ምስታፍ ኩሉ ግዘ ብደሌት እዩ።

ኣብ መላእ ሽወደን– ካብ ዓበይቲ ከተማታት ክሳብ ውሑድ ነባሪ ዘለዎም ከባብታት/ቦታታት – እቶም ማሕበራት መፅናዕቲ ንኻልኦት NGOታትን ካልኦት ዘይስሩዓት ምትእስሳራትን ጉጅለታትን ሓገዝን ምኽርን ይህቡ እዮም።

ማሕበራት መፅናዕቲ ትርፊ ንምርካብ ኣይተጣየሹን። እቶም ስራሕቲ ብመንግስትን ናይ ከባቢ መንግስትታትን ደገፋት፣ ክፍሊታት ተሳትፎ፣ ናይ ፕሮጀክት ፈንድታትን ውዕላት ትምህርትን እዮም ፋይናንሳዊ ሓገዝ ዝረኽቡ።

ናይቶም ዓሰርተ ማሕበራት መፅናዕቲ መርበብ ሓበሬታታት መራኽብቲ ኣብዙይ ክትረክብ ኣኻ፡-

www.abf.se
www.bilda.nu
www.folkuniversitetet.se
www.ibnrushd.se
www.kulturens.se
www.medborgarskolan.se
www.nbv.se
www.sensus.se
www.studieframjandet.se
www.sv.se

## ብዛዕባ ዓውድታት መፅናዕቲ

---

ሓደ ዓውዲ መፅናዕቲ ብሓባር ኮይኖም ናይ ዝምሃሩ ንእሽተይ ጉጅለ ሰባት እዩ። ዳርጋ ዝኾነ ዝደልይዎ ዓይነት ትምህርቲ ክምሃሩ ይኽእሉ እዮም። እቶም ኣብቲ ዓውዲ መፅናዕቲ ዘለዉ ሰባት ክምሃርዎ ዝደልይዎ ሓበራዊ ዝኾነ ድሌትን ባህግን ኣለዎም።

---

እቲ ኩነታት ደገፍ ትምህርትን ብሓባር ንምምሃር ዘሎ ድሌትን ኣብቲ ዓውዲ መፅናዕቲ ተስማዕማዒ ሃዋ ህው ንምፍጣር የኽእል እዩ። ኩሎም ዓውድታት መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ ባሕርያት ይካፈሉ፡-

- ተሳትፎ ብድሌት/ፍቓድ እዩ።

- ተሳተፍቲ ነጢፎም ይሳተፉን ብሓባር ፍልጠት ይእልሹን።

- ኣብቲ ዓውዲ ዘሎ ነብስ ወከፍ ሰብ ነቶም ሸቶታት ንምዕዋት ይሕግዝ።

- ተሳተፍቲ ኣብቲ ዓውዲ ዓብዪ ፅልዋ የሕደሩ እዮም – ማእኸላዊ ትልምታት ዓይነት ትምህርቲ የለዉን።

ኩሎም ዓውድታት መሳልል ፣ ከዕውትዎም ዝደልይዎም ትልምታትን መብዛሕትኡ ግዘ ድማ ዝንበቡ መሳርሕታት ኣለዎም። እቲ ዓውዲ መፅናዕቲ እንተነኣሰ ሰለስተ ኣኼባታት ኣለዎ ግን ካብኡ ዝነውሕ ክቕፅል ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዘ ካብ ሰለስተ ክሳብ ዓሰርተ ዝሳተፉ ሰባት ኣለዉ። እቶም ናይ መፅናዕቲ ንጥፈታት ብዝተፈላለዩ መንገድታት ክሰርዑ ይኽእሉ እዮም፡-

- እቶም ዓውድታት መፅዕናቲ ኣብ ዝርዝር ዓይነት ትምህርትን መርበብ ሓበሬታት እቶም ማሕበራት መፅናዕቲ ክቃልሑ  እዮም። መሰጥቲ ኣርእስታትን ፈላጣት መራሕትን እዚ ንጥፈት ተፈላጢ ክኸውን ይገብሩ።

- እቶም ናይ መፅናዕቲ ማሕበራት ምስ ኣሸሓት ትካላት ይተሓባበሩን ዓውድታት ንምውዳድ ምስቶም ትካላት ቐሪቡ ይሰርሕን።

- ብዙሓት ሰባት ንሓደ ዓውዲ መፅናዕቲ ብናይ ባዕሎም ተበግሶ ይጀምሩ። ዝፋለጡ ጉጅለ ሰባት ዝኾነ ነገር ብሓባር ክምሃሩ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። እቶም ናይ መፅናዕቲ ማሕበራት ትምህርታውን ተግባራውን ሓገዛት ነዞም ጉጅለታት ይህቡ እዮም።

ኣብነታት ኣርእስቲ ቋንቋታት፣ ባህሊ ጥበብን ስእልን፣ ጥዕና፣ ምግቢ፣ ማሕበራዊ ጉዳያት፣ ኣተሓሳስባ፣ ፖለቲካ፣ ስልጠና ኮምፒዩተር፣ ኣይቲ፣ ሙዚቃ፣ ተፈጥሮን ጉዳያት ኣየርን እዮም።

# ብዛዕባ ባህላዊ ፕሮግራማትን ትምህርትታትን

---

ሰባት ምስቶም ማሕበራት መፅናዕቲ ኮይኖም ባህሊ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ክፈጥሩን ክምሃሩን ይኽእሉ እዮም። ሓደ ባህላዊ ፕሮግራም ትምህርትታት፣ ክዋነታት፣ ኮንሰርትታት፣ ምርኢታትን ካልኦት ባህላዊ ክዋነታትን የጠቓልል።

---

እቶም ማሕበራት መፅናዕቲ ኣብ መንጎ ሰፊሕ ጀማሪ ባህልን ህዝብን ሸወደን መተኣሳሰርቲ እዮም። መብዛሕትኡ እቲ ዝርአ ባህሊ በቶም ናይ ማሕበራት መፅናዕቲ ዓውድታትን ምስ ትካላት ባህሊ ብምትሕብባር ክፍጠሩ እዮም። ብተወሳ ብዙሓት ባህላዊ ፕሮግራማት ተዋሳእትን መምህራንን ሰብ ሞያ ባህሊ ይቕበሉ እዮም።

ናይቶም ማሕበራት መፅናዕቲ ባህላዊ ፕሮግራማት በቢዓመቱ ካብ ናይ ሸወደን ሲነማታት ዝበዝሐ ጎብናዪ ይስሕቡ እዮም። ኣብ ብዙሓት ኣናእሽቲ ከተማታትን ገጠራትን እቲ ናይቶም ማሕበራት መፅናዕቲ ባህላዊ ፕሮግራም ናይ ከባቢ ባህሊ ህይወት እዩ። እቶም ማሕበራት መፅናዕቲ ጥራሕ ኣይኮኑን ኩሉ ግዘ ኣብቲ መድረኽ ዝርከቡ። መብዛሕትኡ ግዘ ብድሕሪ እቶም ዝወሃቡ ትምህርታዊ፣ ተግባራውን ምምሕደራውን ሓገዛት ኣለዉ እዮም።

## ብዛዕባ ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ

——————————————————————————————————————————

እቶም ማሕበራት መፅናዕቲ ኣብ ሽወደን ዘሎ ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ ቀንዲ ተዋሳእቲ እዮም። ብተወሳኺ ትካላት ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ ኣብ ሽወደን ልሙዳት ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እዮም።

——————————————————————————————————————————

እቶም ቀንዲ ባህርታት ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ እንታይ እንታይ እዮም? ዋላ እኳ ሰፋሕትን ዝተፈላለዩን ንጥፈታት ይሃልዉ ዝተወሰኑ ሓባራዊ ባህርታት ኣለውዎም፡-

- ተሳትፎ ብድሌት/ፍቓድ እዩ

ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ ኣብ ናይ ሰባት ንትምህርትን ፍልጠትን ዘለዎም ድሌት ዝተሞርኮሰ እዩ። ኣብቶም ናይ ማሕበራት መፅናዕቲ ዓውድታትን ባህላዊ ፕሮግራማትን ንምስታፍ ዝግርዎ ውሳነ ኩሉ ግዘ ብናፃነት በቲ ውልቀሰብ እዩ ዝውሰን።

- እቲ ዕደል ንናይ ባዕሉ ጉዳይ ትምህርቲ እዩ

ኣብ ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ ንውሱን ዕላማ ክትምሃር የብልካን። ብዙሓት ሰባት ዝሳተፉ ንምምሃር ዘለዎም ሃንቀውታን ውልቃዊ ድሌትን ዝተለዓለ እዩ። ኣብ ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ ንምስታፍ ምኽንያታት እዚኦም ጥራሕ እዮም።

- ብደገፍ ምምሃር

ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ ብደገፍ ምምሃር እዩ። እቲ ዓውዲ መፅናዕቲ ናይ ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ እምነ ኩርናዕ እዩ። ንእሽተይ ጉጅለ ሰባት፣ ንምምሃር ብሓባር ዘፅንዑ፣ ዝዛተዩንን ዝተሓባበሩን - ባዕሎም ዘቐመጥዎም ሽቶታት የዕውቱን።

- ናፃነት

ኣብ ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይቲ ሰባት እንታይ፣ ከመይን መዓዝን ከም ዝምሃሩ ብናፃነት እዮም ዝውስኑ። እቶም ማሕበራት መፅናዕቲ እውን ናፃነት ኣለዎም - ዝተፈላለዩ መልክዓትን ኣንፈታትን ዝሓዙ ዓርሶም ዝኽእሉ NGOታት እዮም።

- ምስ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ጥንኩራት ምትእስሳራት ኣለውዎም

ዘይስሩዕ ትምህርቲ ዓበይትን ህዝባዊ ምንቅስቓሳትን ብቐረባ ዝተኣሳሰሩ እዮም። መብዛሕትኦም ማሕበራት መፅናዕቲ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ብኣባልነት ዝሓዙ እዮም። ዝበዝሑ ክፋላት ኩሎም ዓውድታትን ባህላዊ ፕሮግራማትን ምስ ካልኦት NGOታት ብምትሕብባር እዮም ዝካየዱ። እዙይ ድማ እቶም ማሕበራት መፅናዕቲ ሲቪል ማሕበረሰብ ኣብ ምዕባይን ምሕዳስን ጠቓሚ ሚና ንኽፃወቱ ይሕግዞም እዩ።